# መልሲ ንኣይተ በርሀ ደስታ፣

ብመጀመሪያ ሰላም ምሳኻ ይኹን፣

ዝጸሓፍካዮ መልእኽቲ ኣንቢበዮ፣ ብሓፈሻ ዕላማ መልእኽትኻ ግና ፋሕ ንምባልን ንምዝራግን ዝዓለመ ኮይኑ ርኺበዮ።

ባይቶ ሰሜን ኣሜሪካ ድሕሪ ክንደይ ሓርጎጽጎጽን ውረድ ደይብን ክስጉም ኣብ ዝጅምረሉ ዘሎን፣ ኣብነት ናይ ኩሉ ደላይ ሰላምን ፍትሕን ጥርናፈን ኤርትራዊ ፍጥረት ኮይኑ ክስጉም ኣብ ዝጅምረሉ ዘሎ እዋንን፣ ኣብ ክንዲ ዝጎደለ እናመላእካን እናተማላላእካን ምኻድ ህዝቢ መምስተኣከበን ተጠርኒፉ ክስጉም መምስጀመረን ኣብ ክሳድ ጸጸኒሕካ ምቕጻይ ይኣክል፣ ይኣክል።

ዓሎቕን ሽሕጣንን ኣብ ዕዳጋ ዕግርግር እየን ዝነብራ፣ ኤርትራን ህዝባን ግን ብሕኑን ቃልሲ ርትዓውያን ጀጋኑ ደቂ ህዝቢ ኤርትራውያን ካብ ዕዳጋ ዕግርግር ወጺኡ፣ ኣብ መቓብር ድያብሎስ ዓዲ ሃሎን ጃንዳኡን፣ ባንዴራኡ ዘንበልብለሉን፣ ሕነ ስውኣቱን ስንኩላኑን ዝፈድየሉን እዋን ቀሪቡ እዩሞ፣ ኣብዚ ዝኸይድ ዘሎ ናይ ጥርናፈን ጥምረትን መስርሕ፣ ሓሓንቲ ቀጸላ እንተንሕውስ ክንደይ ዝሓሸን ጽቡቕን ምኾነ።

ምስ ሰናይ ምንዮት፣

**ሃይለሚካኤል ድራር እየ።**